# ሰንበት ዘትንሣኤ
## ገርሀይና ትርጉም ብኣባ ቪቶርዮ ቦሪያ
# EASTER OF RESURRECTION
## Liturgical Texts Translated By Bro. Vittorio Boria

**ኣርያም፡ -** ሃሌ ሉያ ለአብ፡ ሃሌ ሉያ ለወልድ፡ ሃሌ ሉያ ለመንፈስ ቅዱስ፡ ቀዳሚ ዜማ ግበሩ በዓለ በትፍሥሕት እስከ ኣቅርንቲሁ ለምሥዋዕ። ዛቲ ፋሲካ ቀዳሚት ሕግ። ሃሌ ሉያ ለአብ፡ ሃሌ ሉያ ለወልድ፡ ሃሌ ሉያ ለመንፈስ ቅዱስ፡ ይገብሩ በዓለ ሰማያት፡ ይገብሩ በዓለ ደመናት፡ ወምድርኒ ትገብር ፋሲካ፡ ተሓጺባ በደመ ክርስቶስ።

**ኣርያም፡ -** ሃሌ ሉያ ንኣብ፡ ሃሌ ሉያ ንወልድ፡ ሃሌ ሉያ ንመንፈስ ቅዱስ፡ ቀዳማይ መዝሙር፡ ክሳብ ኣቅርንቲ መሠውዒ በዓል ብፍሥሓ ግበሩ። እዛ ፋሲካ ቀዳመይቲ ሕጊ ኢያ። ሃሌ ሉያ ንኣብ፡ ሃሌ ሉያ ንወልድ፡ ሃሌ ሉያ ንመንፈስ ቅዱስ። ሰማያት በዓል ይገብሩ፡ ደመናታት በዓል ይገብሩ፡ ምድሪ ከኣ ብደም ክርስቶስ ተሓጺባ፡ ፋሲካ ትገብር።

**ስብከት፡ -** ወተንሥአ እግዚአብሔር ከመ ዘንቃሕ እምንዋም፡ ወከመ ኀያኅ ወሕዳገ ወይን፡ ወቀተለ ጸሮ በድኅሬሁ።

**ስብከት፡ -** እግዚኣብሔር ከም ካብ ድቃሱ ዝተንሥአ ተንሥአ፡ ከም ኃያል ካብ ሕንዚ ወይኒ ዝበራበር ንጸላኢኡ ብድኅሪቱ ቀተሎ።

**ንባባት፡ -** 1 ቆሮ 15፡ 1-9፤ 1ጴጥ 3፡ 17-24፤ ግሓ 2፡ 22-25፤ ዮሓ 20፡ 6- 19

**ኣንገርጋሪ፡ -** ሃሌ ሉያ፡ ዮም ፍሥሐ ኮነ፡ በሰንበት ክርስትያን፡ እስመ ተንሥአ ክርስቶስ እሙታን፡ ቀደሳ ወአክበራ እምኵሎን መዋዕል አልዐላ፡ አማን ተንሥአ እምነ ሙታን።

**ኣንገርጋሪ፡ -** ሃሌ ሉያ፡ ሎሚ ብሰንበት ክርስትያን፡ ክርስቶስ ካብ ሙታን ስለዝተንሥአፍሥሓ ኮነ፡ ንሱ ነዛ ቀደሳን ኣኽበራን ካብ ካልኦት ዕለታት ኣኽበራ፡ ብሓቂ ካብ ሙታን ተንሥአ።

**እስመ ለዓለም፡ -** ትንሣኤከ ለእለ ኣመነ፡ ብርሃነከ ፈኑ ዲቤነ።

**እስመ ለዓለም፡ -** ብርሃንካ ኣብ ልዕሊ እቶም ኣብ ትንሣኤኻ ንዝኣመና  ስደድ።

**ኣብ ዑደት፡**

ክርስቶስ ተንሥአ እሙታን፡ - በዓቢይ ኃይል ወሥልጣን፡ አሠሮ ለሰይጣን፡ ኣግዓዞ ለአዳም - እምእዜሰ ይኩን ፍሥሐ ወሰላም።

**ምልጣን፡ -** ወይወውአ አድባር ወኣውግር፡ ወኵሉ ዕፀወ ገዳም፡ ዮምሰ ዓባይ ፍሥሐ በሰማያት። ወምድርኒ ትገብር ፋሲካ" ተሐጺባ በደመ ክርስቶስ።

**መዝሙር፡ -** ይትፌሣሕ ሰማይ፡ ወትትሐሰይ ምድር፡ ወይንፍሑ ቀርነ መሠረታተ ሕምዝ፡ ወይወውአ አድባር ወኣውግር፡ ወኵሉ ዕፀወ ገዳም፡ ዮምሰ ዓባይ ፍሥሐ በሰማያት። ወምድርኒ ትገብር ፋሲካ" ተሐጺባ በደመ ክርስቶስ።

**ሰላም፡ -** ፍጹመ ንጉሠ ኰነንዎ አይሁድ ተካፈሉ አልባሲሁ ሐራ ሠገራት፡ ወኰርዕዎ ርእሶ በሕለት፡ ረገዝዎ ገበሁ በኲናት፡ ትንሣኤሁ ገብረ በሰንበት፡ ሰላመ ይጸጉ ለነገሥት፡ ለአሕዛብ፡ ወለበሐውር።

ክርስቶስ ካብ ሙታን ተንሥአ፡ ብዓቢይ ኃይልን ሥልጣንን ንሰይጣን ኣሠሮ፡ ንኣዳም ነጻ ኣውጽኦ፡ ካብ ሕጂ ንደሓር እምበኣር ፍሥሓን ሰላምን ይኹን።

**መዝሙር፡ -** ሰማይ ይፈሣሕ፡ ምድሪ ከኣ ትትሓጎስ፡ ቀርኒ ንፍሑ፡ ኣድባራትን እምባታትን ዕልል ይበሉ፡ ኵሉ ኣእዋም በረኻን፡ ምኽንያቱ ሎሚ ዓቢይ ፍሥሓ ኣብ ሰማያት ኮነ። ምድሪ ብደም ክርስቶስ ተሓጺባ፡ ፋሲካ ትገብር።

**ምልጣን፡ -** ኣድባራትን እምባታትን ዕልል ይበሉ፡ ኵሉ ኣእዋም በረኻን፡ ምኽንያቱ ሎሚ ዓቢይ ፍሥሓ ኣብ ሰማያት ኮነ። ምድሪ ብደም ክርስቶስ ተሓጺባ፡ ፋሲካ ትገብር።

**ሰላም፡ -** ኣይሁድ ንፍጹም ክርስቶስ ኰነንዎ፡ ሰራዊት ሓለውቲ ክዳውንቱ ተኻፈሉ፡ ርእሱ ብበትሪ ሃረምዎ፡ ጐድኑ ብኲናት ጐድኡዎ፡ ብሰንበት መዓልቲ ትንሣኤኡ ገበረ፡ ሰላም ንነገሥታትን፡ ነሕዛብን፡ ንምሉእ ዓለምን ይለግሰሎም።